ንኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ግልጋሎት ዝውዕሉ ናይ ኤሌክትሮኒክስን ናይ ፈርንቸር ኣቁሑት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ መስከረም 23, 2018 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 7, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ንኤሌክተሮኒክስ 40,000.00 ንፈርንቸር 5,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 7, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

ን2ይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ንኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ግልጋሎት ዝውዕሉ ናይ ኤሌክትሮኒክስን ናይ ፈርንቸር ኣቁሑት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት እተማልኡ ነጋዶ/መቕረብቲ/ ንኽትወዳደሩ ይዕድም።

ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዝግባእ ረቓሒታት

1. ተወሳኺ እሴት ታክሲ /ሻት/ ተመዝጋቢ ዝኾነ ናይ ወርሒ ሰነ 2017 ዓ/ም ዲክለር ዝገበሩ ::

2. ናይ 2017/2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእል።

3. ናይ 2017/2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ መቕረባይነት ፍቓድ ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእል።

4. ናይ ግብሪ ኽፋሊ መለለይ ቁፅሪ (Tin Number) ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእልን።

5. መኽበሪ ጨረታ ንኤሌክተሮኒክስ 40,000.00/ኣርባዓ ሽሕ ብር/ ንፈርንቸር 5,000.00/ሓሙሽተ ሽሕ ብር/ ብስፒኦ ከትሕዝ ዝኽእል ::

6. ተወዳደርቲ ንዘሸነፍዎ ንብረት ኣብ ውሽጢ 15' ማዓልቲ ብናይ ባዕሎም መጓዓዝያ ናብ ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ከቕርብ ዝኽእል።

7. ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ ብር 200.00/ክልተ ሚኢቲ ብር/ ከፊልካ ብምውሳድ ኣብ ዝመልእዎ ሰነድ ጨረታ ማህተም ፊርማ ሙሉእ ኣድራሻ ምስ ስልኪ ቁፅሪ ክገልፅ ዝኽእል ካብ ዕለት 23/01/2018 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 07/02/2018 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ብዝተዓሸገ ፖስታ ኮፒን ኦርጅናልን ብምፍልላይ ምእታው ይኽእሉ:: ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት 4:30 ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝተረኽብሉ ዝኽፈት ኮይኑ እንተዘይተረኺቦም እቲ ጨረታ ንምኽፋት ዝኽልክል ከም ዘየለ ።

8. ኣብ ናይ ዋጋ መቕረቢ ዝተመልአ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ን30 ማዓልቲ ፀኒዑ ይፀንሕ፣ ብተወሳኺ እዉን ተወዳደርቲ ንሕድሕድ ንብረት ዝመልእዎ ዋጋ ሻት ሓዊሶም ዝወዳደሩ ምኳኖም እናፍለጥና ሻት የወስኽ ወይ ድማ የቕንስ ዝብል ሓሳብ ወይ መብርሂ ተቐባልነት ዘይብሉ ምኳኑ ኣብ ሕድሕድ ዝመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ እንተሃልዩ ካብ ውድድር ዝወፅእ ምኳኑ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. ኣብ ናይ በዓል ሞያ ዝተመለአ ስፔስፊኬሽን ምስራዝን ናይ ባዕልኻ መብርሂ ምጥቃም ዘይፍቀድ ምኺኑ ዝተጠቐሙ ካብ ውድድር ወፃኢ ይኸውን።

10. ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብኽፊል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕለው ኾይኑ ብተወሳኺ እውን 20/ ናይ ምውሳኽን ምቕናስን መሰሉ ዝተሓለወ እንትኸውን ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ መምልኢ ዋጋ ካብ ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ጥራሕ ይወስዱ።

11. ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344403100 ወይ ድማ ንኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ቢሮ ቁፅሪ 308 ምሕታት ትኽእሉ ።

ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle